# ትልሚ ሓቒ

ትልሚ ሓቒ ፡ ኣብ መስዋእቲ ዝዓኾኾ
ትማኑ ፡ ትማን ናጽነት ፡ ትማን ኣልቦ
ህይወቶም በጂዮም ፡ ናጽነት ዘበሰሩ ፡

ተረኪብና ፡ ኣልፋን-ኦምጋን ናጽነት
ህይወት እቶም ሽደናት ዝወሰደት ፡

ነቲ ዓጺቕ ክሳውዲ ትዕቢት ኣልዚቦም
ነቲ ሓርጎጽጎጽ ኣሳግድ ኩነት ኣጠጢሖም
ብመስዋእቶም እተሰበነት ሓድጊ መስዋእቲ ናጽነት ፡

ሽግ ናጽነት ዘዕተሩ ፡ ንህዝቦም ዘቕሰኑ
ንጊንጢ ምዒዶም ፡ ኣምሂሮም ዚቔረኑ
ንኣብያ መኾዶም ፡ ገኒሖም ዘልዘቡ
ስለህዝቦም ዝሓለፉ ፡ ንዓለም ዘይጸገቡዋ ስዉኣት ፡

ነቲ ዓረምሹሽ ሗይሊ ብሜላ መኪቶም ዘፍሸሉ
ትማን ኣልቦ ናጽነት ንህዝቦም ኣሐርጕቶም ዘንሰልሰሉ
ህድኣት ርግኣት ሰላምን ፍስሃን ዓሲሉ ንዑ ኣይትግለሉ
ሕብል ኣለዉ ስዉኣት ስለ ርትዒ ፍትሒ ኣንግሱ ፡

እወ ! ኣማስያኡ ጸቢሑ ፡ ጽባሕ ተድላ ሓጎስ
ጽባሕ ዕልልታ ፡ ጽባሕ ደመት ናጽነት ተነጊሩ
ድቕድቕ ጸላም ተሳዒሩ ፡ ሓጎስ ናጽነት ተዓቲሩ
ይብሉ ኣለዉ ብፍስሃን ደስታን ተሰራሰሩ ብዘለኩም ንበሩ ፡

ንፉቓት ገጽ ተራኺበን ፡ ንሓጎሰን ዝርንዝሕን ነቢዐን
ሓጎስ ብንብዓት ተደቢሱ ፡ ኣውታር መንፈስ ንኽብሩ ዘሚሩ
መስተንክር ሕልሚ ጋህዲ ኮይኑ ፡ ክልተ ሕልሚ ኣብ ኮነዲ ተበሲሩ
ይብሉ ኣለዉ ንኽብሪ ህዝቦም ዝሓለፉ ኣይትቖዝሙ ኣይትንብዑ ፡

ሕልሚ ሓቒ ኮይኑ ብኒሕን ሓቦን ዝኸረረ
ድኻምን ጥምየትን ብእፎይታ ተደቢሱ ዓቕሊ ዘሕደረ
ህይወት ብህይወት ኢሉ ዝጨርሐ ተገቲሩ ነቲ ዝተረረ
መጣው ምሕረት ስሙ ኣብ ዓለም ኵይኑ ዝሃብረረ ። ( ዝተዓወተ )

ሕድሪ ሰማእታትና ብተግባርና ይደበሱ !
ዝኽርን ክብርን ነቶም ምእንታና በጃ ዝሓለፉ !

ዓወት ንሓፋሽ ፡

20.06.2009. ዘካርያስ ተስፋጽዮን ከተማ ማንሃይም ፡